ሰላም! እዚ መልእኽቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ናይ ርክብ ቦታታት ንሕሙማት ህጻናት ኣብ Basel-Stadtን Basellandን እዩ። 4 ሕቶታት ተጠቒመ እቲ ህጻን ኣበይ ትኽክለኛ ሓገዝ ከም ዝረክብ ከርእየኩም እየ።

**ህጻንካ ሓሚሙ ድዩ እቲ ህጻን ናብ ሓኪም ክኸይድ ኣለዎ ድዩ ኣየድልዮን ርግጸኛ ኣይኮንካን፧**
ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ኣማኸርቲ ምኽሪ ወለዲ ደገፍ ክህቡ ይኽእሉ። ብሕክምና ዝሰልጠኑ ኮይኖም ህጻንካ ኣበይ ዝበለጸ ደገፍ ክረክብ ከም ዝኽእል ንምዕዛብ ምሳኻ ክሰርሑ እዮም። እቶም ኣማኸርቲ ብዛዕባ ምዕባለን ኣተዓባብያን ህጻናት ብዝምልከት ሕቶታት እውን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ቁጽሪ ተሌፎንን ኣድራሻታትን ምኽሪ ወለዲ ኣብ www.meinkindistkrank.ch ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ህጻንኩም ናብ ተባዕታይ ሓኪም ወይ ኣንስታይ ሓኪም ክትወስድዎ ትደልዩ ዲኹም፧**
ሽዑ ናብ ቤት-ጽሕፈት ሓኪም ህጻናት ኪዱ። ንመርመራ ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ሓኪም ቆጸራ የድልየኩም። ነዚ ብተሌፎን ክትሰርዕዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ህጻን ናብ ሓኪም ክኸይድ ኣለዎ ድዩ የብሉን ብተሌፎን እውን ክትሓትት ትኽእል። ገና ሓኪም ህጻናት እንተዘይብልካ፡ ምኽሪ ወለዲ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

**እቲ ወይ እታ ሓኪም ህጻናት ኣንተዘይርከቡ ኮይኖም ህጻንካ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ክኸይድ ኣለዎ ድዩ ኣይድልዮንን ርግጸኛ ኣይኮነን ዲኻ፧**
ሽዑ ናብ Medizinische Notrufzentrale ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብተሌፎን ብነጻ ክመኽሩኻ እዮም፡ ለይትን ቀዳመ-ሰንበትን ዕረፍቲን ሓዊስካ ድማ 24 ሰዓት ኩሉ ግዜ ይርከቡ። ቁጽሮም ድማ 061 261 15 15 እዩ።

**ህጻንካ ክጽበ ዘይክእል ሕክምናዊ ጸገም ኣለዎ ድዩ፧**
ሽዑ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ኣብ Universitäts-Kinderspitals UKBB ትኸይድ። እቲ ጸገም ከቢድ እንተዘይኮይኑ ናብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ህጻናት ደውሉ።

**ህጻንካ ኣብ ንህይወቱ ድንገታዊ ዝኾነ ኩነታት ኣትዩ ድዩ፧**
ሽዑ ብቐጥታ ናብታ ኣምቡላንስ ብቑጽሪ 144 ደውሉ።

ኩሎም ኣድራሻታትን ሓበሬታታትን ኣብ www.meinkindistkrank.ch ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ንዓኹምን ንህጻንኩምን ኩሉ ሰናይ ክምነየልኩም ደልየ።